# ደምዳሚ ኣዋጅ

## ኤርትራዊ ሃገራዊ ጉባኤ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ

ህዝቢ ኤርትራ ንፍርቂ ክፍለ ዘመን ዝኣክል ንሃገራዊ ነጻነቱ፡ ንመሰሉን ማዕርነቱን ተቓሊሱ። ይኹን'ምበር ፍረ ቃልሱ ብዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ስለዝተጨወየ፡ እንደገና ኣብ ጻግመ ቃልሲ ኣትዩ ይርከብ። ቃልሲ ብዘይ ጥርናፈ ከድምዕ ስለዘይክእል ብ1999 ሃገራዊ ምሕዝነት ተመስረተ። ቀጺሉ ብ2005 ናብ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ተሰጋገረ።

ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ዝካየድ ቃልሲ ንምሕያል፡ ተቓወምቲ ውድባት፡ ሰልፍታት ከምኡ'ውን ሲቪካዊ ማሕበራት፡ ግዱሳት ሃገራውያን ባእታታትን መራሕቲ ሃይማኖትን ዝሓቘፈ ሃገራዊ ዋዕላ፡ ካብ 31 ሓምለ ክሳብ 09 ነሓሰ 2010 ኣብ ኣዲስ ኣበባ ተኻየደ።

ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ብዝተመሓላለፈ ውሳኔ መሰረት፡ ሃገራዊ ጉባኤ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ፡ ኣብ ትሕቲ ህዝብን ሃገርን ንምድሓን ራእይናን ዓቕምታትናን ነስምር ዝብል መሪሕ ጭርሖ፡ ኣብ ሃገረ ኢትዮጵያ ከተማ ኣዋሳ ካብ 21 ክሳብ 30 ሕዳር 2011 ተጋብአ። ዕላማ ጉባኤ ነቲ ኣብ ሃገርና ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ብምውጋድ፡ ፍትሓውን ዲሞክራስያውን ባይታ ብምፍጣር ኩላትና ብማዕረ እንነብረሉ፡ ዋንነት ስልጣን ናይ ህዝቢ ዝኾነሉ ስርዓት ንምትካል እዩ።

ሃገራዊ ጉባኤ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ክውንነት ኤርትራ ዘንጸባርቕ ካብ ዝተፈላለየ ኩርናዓት ዓለም ዝመጹ ናይ ዝተፈላለዩ ብሄራት፡ ሃይማኖታት፡ ፖለቲካዊ ሓይልታትን ሲቪክ ማሕበራትን ኣስታት 600 ዝኾኑ ወከልቲ ዝተሳተፍዎ እዩ። ሃገራዊ ጉባኤ ዝተኻየደሉ ኩነታት፡ ብሓደ ወገን ጭቁናት ህዝብታት ሰሜን ኣፍሪቃን ማእከላይ ምብራቕን ብሓያል ቃልሶም መሰላቶምን ማዕርነቶምን ኣብ ዘረጋገጹሉ፡ በቲ ካልእ ወገን ድማ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝወርድ ዘሎ ጭቆና ኣብ ዝላዓለ ጥርዙ ዝበጽሓሉን ሕሉፍ ሓሊፉ ውሽጣዊ ኣካላት መንእሰያት ኤርትራውያን ኣብ ዕዳጋ ዝሸየጠሉ እዋን እዩ።

ንባዕዳዊ መግዛእቲ ብሰፍ ዘይብል መስዋእቲን ተበጃውነትን ስዒሩ፡ መሬቱ ሓራ ዘውጽአ ህዝብና፡ ሎሚ'ውን ሓድነቱ ኣደልዲሉን ዓቕምታቱ ብሓባር ጠርኒፉን ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ንምውዳቕ ቃልሱ ብዝተዓጻጸፈ ነኽቕጽሎ ዓቕሚ ከም ዘውንን ንተኣማመን ኢና።

ጉባኤኛ ብሃገራዊ ኮምሽን ዝቐረበሉ ጸብጻብ ተመያይጡ ብምጽዳቕ ንቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ኮምሽን ነዚ ዕዉት ጉባኤ ብምድላዉ ኣመስጊኑ። ብተወሳኺ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምርግጋጽ ዘብቅዕ መደባትን ስትራተጅን ንምሕንጻጽ ብዕቱብ መንፈስን ሓላፍነትን ኣብ ሽውዓተ ጉጅለታት ተኸፋፊሉ ነዞም ዝስዕቡ ሰነዳት

- ንድፊ ፖለቲካዊ ቻርተር

- ንድፊ መሪሕ ሓሳብ(ሮድ ማፕ)፡
- ሕገ-ህንጻ

ተመያየጡ።

ኣብ መጨረሻ፡ ጉባኤኛ ኣብ ሓባራዊ መድረኽ እዚ ዝስዕብ ውሳኔ ኣመሓላለፈ፤

1. ኣብ ፖሎቲካዊ ቻርተር፡ መሪሕ ሓሳብ፡ ሕገ-ህንጻን ዘድሊ ምምሕያሽ ብምግባር ብሙሉእ ድምጺ ኣጽደቐ።
2. ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዘካየዶ ቃልሲ ኣድማዒ ውጽኢት ንኽርከቦ ኣብ ፖሎቲካዊ፡ ዜናዊ፡ ዲፕሎማስያዊ፡ ወታሃደራዊ፡ ቁጠባውን ማሕበራውን መዳይ መደባቱ ሰሪሑ ብሓባር ክቃለስ ወሰነ።
3. መሰጋገሪ ቅዋም ብዝምልከት፡ ሃገራዊ ጉባኤ ከም መወከሲ ሰነድ ብምቕባል፡ ኣብ መሰጋገሪ መድረኽ ብሰብ ሞያ ተመሓይሹ ንኽቐርብ ናብ ዝምረጽ ሃገራዊ ባይቶ ኣመሓላለፈ።
4. ካብ ውሽጡ ብሂራዊ፡ ሃይማኖታዊ፡ ጾታን ዕድመን ኣብ ግምት ዘእተወ ካብ ፖሎቲካዊ ሓይልታት፡ ሲቪክ ማሕበራት፡ ደቂ-ኣንስትዮ፡ መንእሰያትን ገዳይም ተጋደልትን ዝሓቖፈ 127 ዝኣባላቱ ሃገራዊ ባይቶ ኣቐመ።

ጉባኤኛ፤ ኣብ ዝተፈላለዩ ክፍለ-ዓለማት ዝርከቡ መንእሰያት ኤርትራውያን ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ጀሚሮሞ ዘለዉ ዕቱብ ቃልሲ ደገፉ እናገለጸ፡ ምትብባዕ ክግበረሎም ተላበወ። ንህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ኣብ ትሕቲ ስርዓት ህግደፍ ተሰሊፉ ዘሎ ሰራዊት ድማ ብፍላይ፡ ኣብ ጎኒ ዲሞክራስያዊ ቃልስና ክስለፍ ጸዊዑ። ኣብ እዋን ባዕዳዊ መግዛእቲ ይኹን ብሰንኪ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ካብ ዝፈትዋ ሃገሩ ዝተሰደን ዝስደድ ዘሎን ህዝብና ብሓፈሻ፡ መንእሰያትና ድማ ብፍላይ፡ ማሕበረ ሰብ ዓለም፡ ፈተውቲ መንግስታትን ገበርቲ ሰናይ ማሕበራትን፡ ጉቡእ ቆላሕታ ክገብሩሎም ጸወዐ። ከምኡ'ውን ንውድብ ኢጋድ፡ ንሕብረት ኣፍሪካ፡ ምትእስሳር ሃገራት ዓረብ፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ፈታው ፍትሕን ሰላምን ሕብረተሰብ ዓለም ደገፎም ከወፍዩ ተማሕጸነ።

ኣብ መጨረሻ ምትእስሳር ሃገራት ሰንዓ ብሓፈሻ፡ ፌደራላዊ ዲሞክራስያዊ መንግስትን ህዝብን ኢትዮጵያ ድማ ብፍላይ፡ ኣብ ጎኒ ህዝቢ ኤርትራ ደው ኢሉ ዘወፍዮ ዘሎ ቀጻሊ ሓገዝ፡ ጉባኤ ምስጋንኡ ገለጸ። ንመጻኢ ኣብርክቶኡ ኣጠናኺሩ ክቕጽሎ ተላበወ።

ዓወት ንዲሞክራስያዊ ቃልስና!!

ዝኽርን ክብርን ንስዉኣትና!!

ኤርትራ ሃገራዊ ጉባኤ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ፡

ኣዋሳ - ኢትዮጵያ

30 ሕዳር 2011.